# ዉዕውዕ መኽተ ኣብ ሳን ሆዘ

ቀዳም፡ 13 ለካቲት፡ 2010 ኣብ ዝነበረ ህዝባዊ መኸተ፡ ኤርትራውያን ተቀማጦ ሳን ሆዘን ከባቢኣን ነቲ ብዕለት 23 ታሕሳስ 2009 ብሕቡራት መንግስታት ንካልኣይ ጊዜ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ኤርትራ ንዝተወስደ ዘይሕጋዊን ዘይቅኑዕን ማዕቀብ (ውሳነ 1907) ብሙሉእ ድምጺ ደጊሞም ድሕሪ ምኹናን፡ ነቲ ዝነበረ ናይ ሃገራዊ መንፈስ መኸተ ብምውዕዋዕ እቲ ስራሕ ኣብ ግብሪ ንምውዓልን ኤርትራ ትኽተሎ ዘላ ነብስኻ ናይ ምኽኣል ወፍሪ ንክሕግዝ ነፍስወከፍ ዜጋ ብውሑዱ $100.00 ክኸፍል፡ እቲ ክኸፍል ዝኽእልን ድልው ዝኾነን ድማ ካብኡ ንላዕሊ ክውፊ ድሕሪ ምስምማዕ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ዘይመልእ ጊዜ ልዕሊ $20,000 ዶላር ወፍዮም። እቲ ኣብ መኸተ ዝቐነዐ ወፈያ ቀጻሊ ኮይኑ ኣብ ዝመጽእ ጊዜ ዝርዝር ጸብጻብ ክግለጽ ምዃኑ ንሕብር።

ብተወሳኺ፡ ተሳተፍቲ እዚ ሃገራዊ መኸተ ኣብ ሰኑይ፡ 22 ለካቲት 2010 ኣብ ሳን ፍራንሲስኮ ኣብ ዝግበር ክፋል ናይ ዓለም ለኻዊ ናይ ፍትሒ ጠለብ ሰላማዊ ሰልፊ ብዝምልከት ሓበሬታ ብምልውዋጥን ብዛዕብኡ ብምምያጥን ኣብቲ ሃገርና ትጠልቦ ዘላ ሓድነትን ጽንዓትን ዝመግለጺኡ ሃገራዊነት ተሳተፍቲ ከምዝኾኑ ሃንቀውታኦምን ድሌቶምን ደጋጊሞም ኣረጋጊጾም።

ኣብዚ ናይ ሰላማዊ ሰልፊ ሃገራዊ መኸተ ንምስታፍ ድሌት ዘለዎም ግን ናይ መጎዓዓዝያ ጸገም ዘለዎም ዜጋታት መጎዓዓዝያ ክረኽቡ ከምዝኽእሉን ሽሞም ክምዝገቡ መተሓሳሳቢ ቀሪቡ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንስውኣትና !

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ሳን ሆዘን ከባቢኣን

# Fervent Mekete of San Jose, CA on February 13, 2010

Peace loving Eritreans of San Jose and environs, California on February 13, 2010 convened in Hizbawi Mekete to defend Eritrea and its people by rejecting the Unfair and Unjust Security Council's sanction, namely Resolution 1907, which was imposed upon the people for the second time, in its history.

During this national resistance against the International bigots, citizens of Eritrea pledged to support the ongoing development in Eritrea while defending it from hostile elements in the name of African Union. Not only did Eritreans pledge to defend their motherland from this symbolic sanction but practically showed their support to the people and its government by contributing money, from $100.00 to $500.00 dollars each, to support Eritrea's development, on top of what has been contributed before. Within less than an hour, in a fervent nationalistic drive, the participants contributed above $20,000.00 USD. Contribution to support Eritrea will continue to make a difference.

Eritreans also discussed about the upcoming San Francisco's demonstration of Monday, February 22, 2010 and pledged to be part of this World Wide demonstration against the Illegal, Unjust, and Unfair sanction of the UN that has no merit whatsoever against Independent Eritrea but was designed to scapegoat it for the failure of US supported Ethiopia's invasion of Somalia.

Eternal Glory to our Martyrs !

Eritrea Shall Prevail !

Hizbawi Mekete of San Jose, CA











